### 8. ምጥቃም ክፍልታት ናይ ህዝባውያን ኣብያተ መጻሕፍቲ

ስትሮለራት፡ ስኩተራት፡ ሮለራት ናይ ስከይትስን ካልእ መንኮርኮር ዘለዎ ተሽከርካሪታት ኣብቲ ኣጸድ ናይ ኣብያተ መጻሕፍቲ ክዕሸጉ ኣለዎም። እዚ ድማ ብምኽንያት ውሕስነት ኣብ ውሽጢ እቲ ቀጽርታት ናይ ኣብያተ መጻሕፍቲ ኮይኑ፡ ከምኡድማ ነቲ ናይ ውሽጢ ቦታታት ድማ ጽሬቱ ይሕልው።

ምብላዕን ምስታይን ድማ ኣብቲ ሰደቓታት ኣብ Kaffi Egge እዩ ዝፍቀድ። ብተመሳሳሊ ድማ ኣብ ናይ መንእሰያት ክፍሊ ኣብ 1ይ ደርቢ ዘሎ። ኣስካላታት ይምልከት

ምውሳድ ሽኮራዊ መስተታ፡ ቅብኢ ዘለዎ መግብታት (ንኣብነት ክሪስፕ፡ ቾኮላታ) ወይ ፋስት ፉድ ኣይፍቀድን።

ኣብቲ ቤተ መጻሕፍቲ እንስሳታት ኣይፍቀዱን እዮም። ምስ ምምሕዳር ናይ ቤተ መጻሕፍቲ ብምምኻር ግን ፍሉይነት ክግበር ይክኣል እዩ።

### 9. ሓላፍነት ምውራድ

ናይቶም ናይ ቤተ መጻሕፍቲ ዕዳታቶም ካብቲ ፍሉይ ዝለዓለ መጠን ዝሓልፍ ሰባት ከኣ ክሳብ እቲ ዕዳ ዝኽፍል ዝኾነ ነገር ክልቅሑ ኣይክፍቀደሎምን እዩ። እዚ ዝስዕብ ዝለዓለ መጠን ድማ ክምልከት እዩ፡

| | | |
|---|---|---|
| ክሳብ 16 ዝበጽሑ ቆልዑ | CHF | 5 |
| ንኣሽቱ መንእሰያት | CHF | 10 |
| እኹላት ሰባት | CHF | 20 |

ዝኾነ ደጋጊሙ ናይ ቤተ መጻሕፍቲ ሕግታት ዝጥሕስ ሰብ ከኣ ንግዚኡ ወይ ጠቕላላ ካብ ምጥቃም ቤተ መጻሕፍቲ ክኽላእ ይኽእል እዩ።

### 10. ካብ ተሓታትነት ናጻ ሙኳን

እዚ ቤተ መጻሕፍቲ ድማ ብ ምጥቃም ናይ ልቓሕ መድያ ኣብ ናይ ተጠቃሚ ናይ ባዕሉ ፕለየር፡ ኮንሶል ናይ ገይም ወይ ኮምፑተር ዝመጽእ ዕንወት ተሓታቲ ኣይኮነን።

### 11. ምቕባል

ብ ምምዝጋብ ድማ፡ ተጠቀምቲ ናይ ቤተ መጻሕፍቲ ሕግታት ይቕበሉ።

### 12. ክፋት ቤተ መጻሕፍቲ

ምጥቃም ቤተ መጻሕፍቲ ድማ ብዝተፈላለየ መምርሒታት እዩ ዝምሓደር። እቲ ኩንትራት ድማ እቲ ክፉት ዝኾነ ናይ ቤተ መጻሕፍቲ ባጅ ምስ ተዋህበ እዩ ዝፍረም።

### 13. ቤተ መጻሕፍቲ ነገራት

ሓደ-ሓደ ንብረት ድማ ቅቡል ብዝኾነ ናይ ዓበይቲ ምዝገባ ጌርካ ምልቃሕ ይክኣል እዩ። ን ገለ ነገራት፡ ትሕጃ (CHF 50) ብካሽ ክኽፈል ኣለዎ። ንብረት ብምሉኡ ክምለስ ኣለዎ፡ እዚ ድማ እንከላይ መጠቕለሊን ኣጽሪኻን እዩ። ብሙሉኦም ዘይተመልሱ ዝዓነዉ ንበርት ወይ ሰት ከኣ ክትክኡ ኣለዎም።

### 14. ናይ መወዳእታ ዓንቀጽ

እዞም ቤተ መምርሒታት ቤት መጻሕፍቲ ኣብ 1 ሚያዝያ 2023 እዮም ኣብ ግብሪ ዝውዕሉን ንኹሎም ናይ ቅድም መምርሒታት ድማ ይትክእዎምን።

FVM

## ቤተ መጻሕፍቲ


Brühlweg 3, 4132 Muttenz

ቴለፎን፡ 061 462 01 90

ኢ-መይል፡ bibliothekOfrauenverein-muttenz.ch

መዋሊ ማሕበር፡ ማሕበር ደቀንስትዮ Muttenz

www.frauenverein-muttenz.ch


## ሕግታት ቤተ መጻሕፍቲ






| ናይ ምኽፋት ሰዓታት፡ | | ኣብ እዋን ናይ ቤት ትምህርቲ በዓላት: |
|---|---|---|
| ሰኒ | 14.00 - 18.00 | 14.00 - 18.00 |
| ሰሉስ | 10.00 - 14.00 | |
| ሮቡዕ | 14.00 - 19.00 | 14.00 – 19.00 |
| ሓሙስ | 12.00 - 18.00 | |
| ዓርቢ | 14.00 - 18.00 | |
| ቀዳም | 10.00 - 12.00 | |

**ተወሳኺ ናይ ምኽፋት ሰዓታት ከኣ ኣብ'ቲ ቤተ-መጻሕፍቲን ኣብ መርበብ ሓበረታ ናይ ማሕበር ደቀንስትዮ Muttenz ተዘርጊሖም ኣለው።**

## 1. ኣጠቓቕማ
ቤተ-መጻሕፍቲ Muttenz ከኣ ን ውልቀሰባትን ትካላትን ንኽጥቀሙሉ ክፉት እዩ (ንኣብነት ማእከል ደይ ከየር፡ ክላስ ናይ ቤት ትምህርቲ፡ ምስ ዝምልከቶ ሰብን)።

## 2. ካርድ ቤተ-መጻሕፍቲ
ሓደስቲ ዝተመዝገቡ ሰባት ድማ ካርድ ቤተ-መጻሕፍቲ ይወሃቡ እዮም። እዚ ካርድ'ዚ ድማ ንሓደ ዓመት ሰብ ተዘይተለቂሑ ተቐባልነቱ ይሓርር። ኣብ እዋን ምዝገባ ድማ ወግዓዊ ሰነድ መንነት ክቐርብ ኣለዎ።
ካርድ ቤተ-መጻሕፍቲ ውልቃዊ እዩ። ተጠቃሚ ድማ በቲ ካርድ ቤተ-መጻሕፍቲ ንዝተገብረ ምልቃሕን ንዝተገብረ ክፍሊትን ተሓታቲ እዩ። ምቕያር ኣድራሻን ምጥፋእ ካርድ ቤተ-መጻሕፍቲ ከኣ ን ቤተ-መጻሕፍቲ Muttenz ክሕበር እለዎ።

## 3. ምልቃሕን/ምሕዳስን
ንብረት ድማ ብ ምዝጉባት ካርድ ቤተ-መጻሕፍቲ ዘለዎም ተጠቀምቲ ጥራይ እዩ ክልቅሕዎ ዝኽእሉ።
ከም ሕጊ፡ ናይ ልቓሕ ግዜ ኣርባዕተ ሰሙን እዩ። ዘይተሓዘአ መድያ ድማ ሓንሳብ ጥራይ እዩ ክሕደስ ዝኽእል። ን ዲቪዲታት፡ መጋዚናት፡ ናይ ቆልዑ መድያን ገይማትን ንብረት ካብ ቤተ-መጻሕፍቲ፡ ድማ ናይ ልቓሕ ግዜ ክልተ ሰሙን እዩ፡ እዚ ግዜ ክናዋሕ ኣይክእልን እዩ።
ውሱን ብዝሒ ዘይብሉ ዘይኮነ ንብረት ከኣ ብ መጠን ዓይነት መድያን ጉጅለ ዕድመን እዩ ምልቃሕ ዝክኣል። ገደባት ግን ኣብ ምልክት ዘለዎም ዝተምሓየሹ (ዝለዓለ 5 ንብረት)ከምኡድማ ገይማት (ዝለዓለ 1 ገይም)።
ምጥቃም e-kbl ኣብ ናይ ምዝገባ ዋጋ እትው እዩ። ኣብ ናይ ቆልዑ ምዝገባ፡ ናይ e-kbl፡ ምዝገባ/ምጥቃም ኣይክኣልን እዩ። ኣብ ልቓሕ ዘሎ መድያ ድማ ክሕዛእ ይኽእል እዩ (CHF ን ሓደ ንብረት)። ዘሎ ምሕዛእ ከኣ ንተጠቃሚ ብ ኢ-መይል እዩ ዝንገሮን ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ መዓልቲ ድማ ክውሰድ ኣለዎን። ዘይተወስዱ ወይ ዝተሰረዙ ሕዙኣት ከኣ ክፍሊት ይምልከቶም እዩ።
ቆልዑን መንእሰያትን ድማ ብመጠን ግቡእ ምጣነ ዕድመ እዮም ክልቅሑ ዝኽእሉ።

## 4. ምምላስ ሜድያ
ሜድያ ድማ ኣብ ክፉት ሰዓታት ቤተ-መጻሕፍቲ እዮም ናብ ከብሒ ክምለሱ ዝኽእሉ። ቤተ-መጻሕፍቲ ድማ ኣብ ሳንዱቕ መልእኽቲ ቤተ-መጻሕፍቲ ወይ ኣብ ካልእ ንዝተቐመጡ ንብረት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

## 5. ክፍሊታት/ዝክፈሉ ኣገልግሎታት

| | | | |
|---|---|---|---|
| እኹላት ሰባት (ሓደ ሰብ) | CHF | 50 | ኣብ ዓመት |
| ኣብ ሓደ ስድራ ዝነብሩ እኹላት ሰባት | CHF | 10 | ኣብ ዓመት |
| እኹላት መንእሰያት ክብ 16 ክሳብ 20 ዝዓመቶም | CHF | 10 | ኣብ ዓመት |
| ኣብ Muttenz ዝነብሩ፡ ክሳብ 16 ዓመት ዝገበረኡ ቆልዑ፡ | CHF | 0 | |
| ካብ Muttenz ወጻኢ ዝነብሩ፡ ክሳብ 16 ዓመት ዝገበረኡ ቆልዑ፡ | CHF | 10 | ኣብ ዓመት |
| ምትካእ ካርድ ቤተ መጻሕፍቲ | CHF | 5 | |
| 1. መተሓሳሰቢ | CHF | 5 | |
| 2. መተሓሳሰቢ | CHF | 10 | |
| 3. መተሓሳሰቢ | CHF | 20 | |
| ምሕዛእ | CHF | 1 | ንሓንቲ ንብረት |
| ናይ ምግዛእ ሕቶ | CHF | 1 | ንሓንቲ ንብረት |
| ምልኣኽ መልእኽቲ ናይ ምሕዛእ/መተሓሳሰቢ | CHF | 2 | ንሓደ መልኣኺ |
| ብ ኦንላይን ዝግበር ምሕዳስ ብ ናይ ዓሚል ኣካውንት | CHF | 0 | |
| ብ ኢመይል ዝግበር ምሕዳሳት | CHF | 1 | ን ሓደ ኢ-መይል |
| ክፉት ምዝገባ ናይ ቤተ መጻሕፍቲ | CHF | 30 | ኣብ ዓመት |

* (ካብ ዕድመ 18 ብክፉል ዝኾነ ምዝገባ ይክኣል)

ካርድ እንተድኣ ገዚእኩም፡ ንሓደ ዓመት መድያ ክትልቅሑ ትኽእሉ ኢኹም። ዘይተጠቐምኩሙሉ መድያ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፡ ገንዘብ ናይ ምምላስ መሰል የሎን።
KulturLegi ወይ Familienpass+ ዘለዎም ከኣ 50% ምጉዳል ዋጋ ኣብ ናይ ምዝገባ መጠን ይውሃቡ።

## 6. ምብልሻው/ምጥፋእ
ዝተለቃሕክምዎ መድያ ብጥንቃቐ ክትሓዝ ኣለዎ። ኣብ እዋን ምብልሻው ወይ ምጥፋእ ከኣ፡ ዋጋ ምዕራይ ወይ መተካእታ ክኽፈል ኣለዎ።
ምዕሻግ (ንኣብነት ዲቪዲታ፡ ሲዲታትን ናይ ቆልዑ መድያን0 ከኣ ብ ክፍሊት ክትክኡ ኣለዎም። CHF ንሓደ ምዕሻግ
ድሕሪ ሳልሳይ መተሓሳሰቢ ኣብ ክልተ ሰሙን ዘይተመልሱ መድያ ከኣ ከም ጥፉኣት ይቑጸሩን እቲ ናይ መተካእታ ዋጋ ድማ ብመጠኑ ይኽፈልን።

## 7. ሓላፍነት
ነቲ ዝተለቃሕክምዎ መድያ ፈትሽዎ። ምብልሻው ድማ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ብ ቴለፎን ወይ ብ ኢ-መይል ክሕበር ኣለዎ።
ተሓታትነት ናይ ዝተለቓሕክምዎ መድያን ምኽባት ደረት ግዜ ናይ ልቓሕ ድማ ኣብ ተጠቀምቲ እዩ ዝወርድ።